Fachhochschule Nordwestschweiz
Pädagogische Hochschule

# ESKE
## Evaluation des compétences scolaires en langue première

# TIGRIGNA

## Série de tâches de 7 à 9 ans d’expérience scolaire

Pädagogische Hochschule FHNW 2021 / Haute école pédagogique FHNW 2021

Professur Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter / Chaire de didactique de l’allemand et du plurilinguisme chez l’enfant

**ዕዮታት**

1. ነዚ ጽሑፍ ብምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልስ፡

## ናይ ድንሽ ችፕስ




ናይ ድንሽ ችፕስ ረቐቕቲ ኮይኖም ኣብ ዘይቲ ዝተጠብሱ ናይ ድንሽ ቅርዳድ እዮም፡ ኣብ 19 ክፍለዘመን ሓደ ካብቶም ብዙሕ ዝተዘርበሎም ፈጠራታት እዮ፡ በዛዕባ መን ከምዝፈጠሮን መን ናብ መሸጣ ከምዘምጽኦን፡ ብዙሕ ሪፖርት እዩ ተጌሩ፡ ብዛዕባ ድምጺ ሓቒ ናይዚ ታሪኽ እዚ ንኽትግምት ዳርጋ ዘይካኣል እዩ ኔሩ፡ እቲ ዝበዝሐ ታሪኽ ብ ኮኽ ጅዮርጅ ክሩም እዩ ተዘርጊሑ፡ ብ ዕለጥ 24 ነሓሰ 1853 እዩ ንሓደ ዘይዕጉብ ዓሚል ንምሑጓስ ድንሽ ኣርቂቑ ብምቕርዳድ ጨው ሓዊሱ ብዘይቲ ዝጠበሶ፡ ውጺኢት ናይቲ ዘይዕጉብ ዓሚል ድማ ሓደ ኣዝዩ ሕጉስ ዓሚል ኮነ፡ እዚ ዕላል እዚ ሓቂ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ግን ድማ ሓደ ካልእ ኮኽ ዝብሃል ኣብቲ ክፍለዘመን እቲ ተመሳሳሊ ሓሳብ ከምዝነበሮ ንፈልጥ ኢና፡ ተመሳሰልቲ ፍርያት ኣብ ብዙሓት ናይ ኣሜሪካ ናይ ምኽሻን መጽሓፍቲ ሰፊሮም ይርከቡ፡ ተመሳሰልቲ ፍርያት ውን ኣብ ዓባይ ብርጣንያ ማዕቢሉ እዩ፡
ኣብ መጀመርያ 1890ታት እዩ ንመጀመርያ ኣብ ድኳናት መዕደጊ ኣስቤዛ ንመሸጣ ቀሪቡ፡ እንተኾነ ግን ብዝሒ ፍርያምነትን መሸጣን ምስ ምምሃዝ ናይ ፍሪቶይዘ ድሒሩ ኣብ መወዳእታ 1920ታት እዩ መጺኡ፡ ኣብ ዝስዕባ ዓመታት ድማ መታን ብዓበይቲ ክረይናት ናብ ኣሜሪካ ክጓዓዝ ክኽእል፡ እቲ መዓሽጊ ተቐየረ፡ ኣብ ኤውሮጳ ኣብ 1950ኣት እዩ ናብ መሸጣ መጺኡ፡

ንምንታይ እዩ እቲ ጽሓፊ ነዚ ጽሑፍ ጽሒፍዎ፧

- ☐ ንኣንባቢ ብዛዕባ ታሪኽ ናይ ድንሽ ችፕስ ሓበሬታ ንምሃብ፡
- ☐ ንኣባቢ ብሓደ ዘስሕቕ ዕላል ንምዝንጋዕ፡
- ☐ ንኣንባቢ ከመይ ጌርካ ናይ ድንሽ ችፕስ ከምትሰርሕ ንምርኣይ፡

ነቲ ናይ ድንሽ ችፕስ መን ከምይምሃዞ ንፈልጥዶ፧

- ☐ እወ፡ ጆርጅ ክሩም እዩ ኔሩ፡
- ☐ ኣይፋልን፡ ዝተፈላለዩ ሰባት ኔሮም ክኾኑ ይኽእሉ፡
- ☐ ኣይፋልን፡ ግን ኣበይ ከምዝተማህዘ ንፈልጥ ኢና፡

| | |
|---|---|
| እቲ ናይ ድንሽ ችፕስ ምዓስ ከምዝተማህዘ ንፈልጥ ኢና፡ | ሓቒ ☐<br>ሓሶት ☐ |
| ናይ ድንሽ ችፕስ መጀመርያ ኣብ ኣውሮጳ እዩ ተሸይጡ፧ | ሓቒ ☐<br>ሓሶት ☐ |
| ደቂ ሰብ ኣብ ዕስራ ክፍለዘመን ብብዝሒ ናይ ድንሽ ችፕስ ክበልዑ ዝገበሮም ዝተፈላላየ መኽንያት ኣሎ፧ | ሓቒ ☐<br>ሓሶት ☐ |



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

2. ኣብ ታሕቲ ሓደ ሓጺር ጽሑፍን ኣርባዕተ ናይ ክሊማ ድያግራምን ናይ ኣርባዕተ ከተማታት ክትረክብ ኢኻ፡ ነቲ ጽሑፍ ብምንባብን ነቲ ድያግራም ብምርኣይን፡ እቲ ጽሑፍ ብዛዕባ እንታይ ምዃኑ ኣፋዊ መግለጺ ሃብ፡

**ሙቐትን ጠልን**

ኣብ ሓደሓደ ቦታታት ናይ ዓለም ኣብ ክረምቲ ብዙሕ ማይ ይሃርም፡ ኣብ ካልእ ድማ ዳርጋ ፈጺሙ ኣይሃርምን፡ ኣብ ሓደሓደ ስፍራ ዓመት ምሉእ ሙቐት ሓደ ዓይነት ዓቐን ይህልዎ፡ ኣብ ካልእ ሰፍራ ደማ፡ ከም ኣብ ስዊስ፡ ኣብ መንጎ ክረምትን ሓጋይን ብዙሕ ፍልልይ ኣለዎ፡ እዘን ኣርባዕተ ከተማታት እዚ ድያግራም ዘርኤና፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ዓለም ይርከባ፡ ዝተፈላለየ ኩነታት ኣየር ደማ ኣለወን፡ ሃኖይ ኣብ ቬትናም ትርከብ፡ ቱኒዝ ናይ ቱንዝያ ዋና ከተማ እያ፡ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ደማ ትርከብ፡ ዱብሊን ኣብ ኣየርላንድ፡ ጃኩትስክ ደማ ኣብ ማእከል ሩስያ ይርከባ፡













*እዚ ክሊማዲያግራም ብናይ ጠልን ናይ ሙቐት ዲያግራምን ዝቖመ እዩ፡ ጠሊ ብጸጋም ኮይኑ ብሚሊሜትር ይንበብ፡ ሙቐት ድማ ብየማን ኮይኑ ብሰንትግሬድ፡ እዚ ዲያግራም ጠልን ሙቐትን ብገምጋም ካብ ጥሪ ክሳብ ትሓሳስ የርኢ፡*



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

3. ሕቶታት ን " ሙቀትን ጠልን" [ ዕዮ 2 ]

ሀ ) ንጽሑፍን ድያግራምን ኣብ ዕዮ 2 መሰረት ብምግባር ነቲ ቕኑዕ ኸተማ ምልክት ግበር፡

| | Hanoi<br>ሃኖይ | Tunis<br>ቱኒዝ | Dublin<br>ዱብሊን | Jakuts<br>ጃኩትስክ |
|---|---|---|---|---|
| ኣብቲ ዓመት ገምጋም ናይ ሙቐት ኣብ መንጎ 5ን 15ን ሰ.ግ ይቀያየር፡ | | | | |
| እታ ከተማ ኣብ ክረምቲ ዝውሓደ ጠሊ ኣለዋ፡ ካብ ግንቦት ከሳብ ጥቅምቲ ከኣ 20 ሰንትግሬድ ወይ ል ዕሊኡ፡ | | | | |
| እቲ ጠሊ ካብ ጥቅምቲ ክሳብ ሚያዝያ ከም ውርጪ ክወርድ ይኽእል፡ | | | | |

ለ ) ኣብ ዕዮ 2 ዘሎ ዲያግራም ናይ ከተማ ጃኩትስክ ብምርኣይ ኣብዚ ነቲ ቅኑዕ መልእኽቲ ምልክት ግበር፡

ኩነታት ኣየር ኣብ ጃኩትስክ ኣብ ወርሒ ሕዳር የርኢ ....

| | |
|---|---|
| ከባቢ 0 ሰንቲግሬድን ከባቢ 20ሚሜ ጠሊ | ☐ |
| ከባቢ – 10 ሰንትግሬድን ዳርጋ 50 ሚሜ ጠሊ | ☐ |
| ቁሩብ ትሕቲ 10 ሰንቲግሬድን ከባቢ 60 ሚሜ ጠሊ | ☐ |
| ቁሩብ ልዕሊ – 30 ሰንቲግሬድን ከባቢ 15 ሚሜ ጠሊ | ☐ |

ሐ ) ን ድያግራም ኣብ ዕዮ 2 ዘሎ ብምውካስ፡ ኣበየኖት ከተማታት ትሕዝቶ ናይ ጠልን ሙቐትን መብዝሓትኡ ይቐያየር፣ ነተን ቅኑዓት ከተማታት ኣኽብበለን፣

ትሕዝቶ ጠሊ መብዛሕትኡ ይቀያየር ኣብ፡

| | |
|---|---|
| ሃኖይ | ቱንዝ |
| ዱብሊን | ያኩትስክ |

ሙቐት መብዝሕትኡ ይቐያየር ኣብ፡

| | |
|---|---|
| ሃኖይ | ቱንዝ |
| ዱብሊን | ያኩትስክ |



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

4. ነዘን ክልተ ደብዳቤ ብምንባብ እሕጽር ኣቢልካ ብዛዕባ እንታይ ምኧኑ ኣፋዊ መግለጺ ሃብ፡

ደብዳቤ ቁጽሪ 1

**ንቐልዑት ኣብ ክንዲ ጸባ ማይ ሃብዎም**
ኣብ ቤት ትምህርታት ዘሎ ናይ ላም ጸባ ባህርያዊ እይኮነን፡ ወዲ ሰብ ጥራሕ እዩ ጸባ ናይ ካልእ እንስሳ ዝሰቲ፡ ሓደ ሰፊሕ ሳይንሳዊ መጽናዕቲ ብረቡዕ ኣብ ጋዜጣ መግለጺ ሂቡ፡ ኣብዚ እቲ ዝበዝሐ ዝዝርጋሕ ናይ ላም ጸባ ዝተመስርሐ ምኧኑ ተጻሒፉ ኣሎ፡ እቲ መጽናዕቲ ንምህላኽ ጸባ ምስ ምሕጻር ዕድመን ምስ ዓቢ ጸገም ናይ የዕጽምቲ ምስብባርን እዩ ኣተሓሒዝዎ፡
ናይ ላም ጸባ ንናይህዝቢ ጥዕና ይኹን ንኣከባቢ ባህርያውን ጽቡቕን ኣይኮነን፡ ሰለዚ ደቕና ሓድሽን፡ ጥዕናውን፡ ዓርኪ ከባቢና ዝኾኑ ልምደታት ከማሃሩ ግዚኡ እዩ፡ ንተማሃሮ ጽምኣም ንኽርውዩ ማይ ሃብዎም፡

ሀርበርት ሚዩለር
ሓላፊ ትካል " ሸኔታርሽ ኤሰን"

መልሲ ን ሀርበርት ሚዩለር

**ጸባ ንግዜ ምሳሕ እዩ**
ሀርበርት ሚዩለር ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጸባ ክሰትዩ ኣይደለን፡ ትካለይን ሕቡራት መንግስታትን ደማ ኣንጻር ናይዚ ርእይቶ ንትከእ፡ ኩሎም ቆልዖት ኣብ ቤት ትምህርቲ ጸባ ክውሃቦም ኣለዎ፡
ጸባ 18 ካብ 22 ማዓልታዊ ዘድልዩና ትሕዝቶታት መግቢ ዝሓዘለ ኮይኑ፡ ናይ ተምሃሮ ጽቡቕ ኣመጋግባ ዘርእይ እዩ፡ ሓድሽ መጽናዕቲ፡ ተምሃሮ ኣብ ግዜ መግቢ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጸባ እንተዘይተዋህቦም፡ እኹል ትሕዝቶ መግቢ ከምዘይረኽቡ የርኢ፡
ኪኢላ ኣማጋግባ ኡላ ሮዛንደር ካብ ዩኒቨርስቲ ክርስትያንሽታድት ኣብ ሽወደን፡ ኣብ ሰለስተ ቤት ትምህርታት ናይ ሽወደን መጽናዕቲ ኣካይዳ፡ ኣብ ሰለስቲኤን ቤት ትምህርትታት ኣብ ግዜ ምሳሕ ሓደ ዓይነት መግቢ ይውሃቦም፡ ግን ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ጥራሕ እዩ ተምሃሮ ኣብ ግዜ ምሳሕ ጸባ ዝውሃቦም፡
እቲ ውጽኢት ከምዘርኣየ፡ ብፍላይ ቆልዑት ውሑድ ዝምገቡ፡ ግዜ ዘይብሎም፡ ናይ ጸባ ቐረብ ናይ ካልስዩም፡ ቪታምን ቢ 12፡ ማግነዝዩም የድልዮም፡ ስለዚ እዩ ድማ ኣብ ቤት ትብህርቲ ጸባ ዘድልየና፡

ሱዛነ ፕፌስተር
ተወካሊት ትካል " ፕሮ ባወር"


© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

5. ነተን ክልተ ኣብ ዕዮ4 ዘለዋ ደብዳቤታት መሰረት ብምግባር ነቲ ቅኑዕ መልእኽቲ ምልክት ግበሩ፡

ሀ ) ንምንታይ እያ ወይዘሮ ፕፊስተር ተምሃሮ ጸባ ክሰትዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ረኺባቶ፣
- ☐ ቆልዑት ጸባ ተሰትዮም ዝያዳ ስለዝበልዑ፣
- ☐ ጸባ ምስታይ ዕድመ ስለዘንውሕ፣
- ☐ ጸባ ብዙሕ ትሕዝቶ ስለዘለዎ፣

ለ ) ንምንታይ እዩ ኣቶ ማየር ቆልዑት ኣብ ክንዲ ጸባ ማይ ምስታይ ትሕሾም ዝበለ፣
- ☐ ማይ ካብ ጸባ ዝሓሰረ እዩ፡
- ☐ ማይ ንኣከባቢ ዝበለጸ እዩ፡
- ☐ ማይ ንጽምኢ ዝያዳ የርዊ፡

ሓ ) እቲ መጽናዕቲ ኣብቲ ደብዳቤ እንታይ የርኢ፣
- ☐ ጸባ ምህላኽ ኣወንታውን ኣሉታውን ሳዕቤናት ኣለዎ፡
- ☐ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ኣመጋግባ ብዘይ ጸባ እኹል ትሕዝቶ ኣለዎ፡
- ☐ ባጸ ምህላኽ ሓያል ዓጽሚ ይህብ፡

መ ) ንምንታይ እያ ወይዘሮ ፕፊስተር ደብዳቤ ጺሒፋ፣
- ☐ ኣቶ ሚዩለር ጌጋ ከምዝነበረ ንምንታይ ከምዝሓሰበት ክትገልጽ ሰለዝደለየት፡
- ☐ ማይ ንኣከባቢ ጽቡቕ ምዃኑ ክትገልጽ ሰለዝደለየት፡
- ☐ ተምሃሮ ውሑድ ኽምገቡ ኣይደለየትን፡

ረ ) ኣሮ ሚዩለር እንተድኣ ጸባ ሰቲና ናይ ዕድሜ ና ይሓጽር እዩ ባሃላይ እዩ፡ — ሓቒ ☐ ሓሶት ☐

ሰ ) ኣቶ ሚዩለርን ወይዘሮ ፕፊስተርን ኣብ ክሊቲኡ ደብዳቤታት ሓደ ዓይነት ውጺኢ ናይ መጽናዕቲ እዮም ጠቒሶም፡ — ሓቒ ☐ ሓሶት ☐

ቀ ) ሳይንቲስት ብዛዕባ ውጺኢት ምህላኽ ጸባ ሓደ ዓይነት ሪኢቶ እዩ ዘለዎም፡ — ሓቒ ☐ ሓሶት ☐


© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

6. ኣብ ዕዮ 4 ካብ ዝርከቡ ደብዳቤታት ኣየናዮም የእማኒ ኮይኑ ረኺብካዮ፣ ኣፉዊ መግለጺ ሃብ፡


© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

7. ነዚ ሰደቓ ብምርኣይ ነዞም ሕቶታት መልስ፡

ኒኮ 15 እዩ ዕድሚኡ 9 ክፍሊ ድማ ይምሃር፡ ረቡዕ ድሕሪቐትሪ ኣብ ሓደ ቤት መግቢ ከም ትሓጋጋዚ ኮይኑ ይሰርሕ፡
ኣብ ናጻ ግዚኡ ኩዕሶ እግሪ ምጽዋት ይፈቱ፡ እዚ ናይ ሰሙን መደቡ እዩ፡

| | ሰኑይ | ሰሉስ | ረቡዕ | ሓሙስ | ዓርቢ |
|---|---|---|---|---|---|
| 7.45-9.15 | ናይ ወጻኢ ቛንቛ [ ፈረንሳይ] | ናይ ወጻኢ ቛንቛ [ እንግሊዝ] | ቁጽሪ | ናይ ወጻኢ ቛንቛ [ ፈረንሳይ] | ናይ ወጻኢ ቛንቛ [ እንግሊዝ] |
| *9.15-9.45* | *ዕረፍቲ* | *ዕረፍቲ* | *ዕረፍቲ* | *ዕረፍቲ* | *ዕረፍቲ* |
| 9.45-11.15 | ቁጽሪ | ጆግራፍ | ባህርያዊ ስነፍልጠት | ባህርያዊ ስነፍልጠት | ታሪኽ |
| 11.15-12.00 | ቁጽሪ | ጆግራፍ | ቛንቛን ስነጽሑፍን | ቛንቛን ስነጽሑፍን | ቛንቛን ስነጽሑፍን |
| *12.00-13.30* | *ናይ ምሳሕ ዕረፍቲ* | *ናይ ምሳሕ ዕረፍቲ* | *ናይ ምሳሕ ዕረፍቲ* | *ናይ ምሳሕ ዕረፍቲ* | *ናይ ምሳሕ ዕረፍቲ* |
| 13.30-15.00 | ናይ ወጻኢ ቛንቛ [ እንግሊዝ] | ታሪኽ | ናይ ወጻኢ ቛንቛ [ እንግሊዝ] | ቛንቛን ስነጽሑፍን | ምንቅስቓስ ኣካላት |
| *15.00-15.30* | *ዕረፍ* | *ዕረፍቲ* | | *ዕረፍቲ* | *ዕረፍቲ* |
| 15.30-17.00 | ቛንቛን ስነጽሑፍን | ምንቅስቓስ ኣካላት | | ቁጽሪ | ሙዚቃ |
| 17.00-18.00 | | | ስራሕ | | |
| 18.00-19.00 | | | ስራሕ | | |
| 19.00-20.00 | ኩዕሶ እግሪ | | ስራሕ | ኩዕሶ እግሪ | |
| 20.00-21.00 | ኩዕሶ እግሪ | | ስራሕ | ኩዕሶ እግሪ | |
| 21.00-22.00 | | | ስራሕ | | |

**Fragen**

ኒኮ ኣብ ሰሙን ክንደይ ግዜ ናይ ቁጽሪ ክፍለግዜ ኣለዎ፧

ሀ ) መልሲ: ______________________________

ኣየናይ ዓይነት ትምህርቲ እዩ ንኒኮ ኣብ ሰሙን ሓንሳብ ጥራይ ዘላቶ፧

ለ ) መልሲ: ______________________________

ኣየናይ ዓይነት ትምህርታት እዮም ንኒኮ ፈጺሙ ቅድሚ ናይ ፍርቂ ማዓልቲ ዕረፍቲ ዘይብሉ፧

ሐ ) መልሲ: ______________________________



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter

8. ብዛዕባ ኣብ ስድራኹም ዘሎ ኣገባብ ኣካያይዳ ቆልዑት ጽሑፍ ጽሓፍ [ ንብነት ቆልዑት ምዓስ ክድቅሱ ከብዘለዎም ባዕሎም ክውስኑ ይፍቀደሎምዶ} ፡ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ደማ መለስ፡
   a. ኣብ ስድራኹም ኣየኖት ሕግታት ንቆልዑት ኣለዉ፣
   b. ካብኣቶም ኣየኖት ጠቓምቲ ወይ ዘይጠቓምቲ ኮይኖም ረኺብካዮም፣ ንምታይ፣

| |
|---|
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |
| |



© 2018 Pädagogische Hochschule Fachhochschule Nordwestschweiz
IKU Prof. Deutschdidaktik und Mehrsprachigkeit im Kindesalter